# ምስ ወነንቲ ጽቡቕን ድልዱልን ዝኾነ ርክብ ክህልው ምግባር

## ሓጺር መግለጺ

ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ምስ ኩሉም ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ድልዱል ዝኾነ ርክብ ክህልው ንምግባር ዓብይ ጻዕሪ ትግበር እያ።ካብ ሙሉእ ሃገር ኣለዋ ካብዝባሃላ ቤት ትምህርትታት ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርት ዝበለጸ ቤት ትምህርቲ ክኾውን ንምግባር ምስ ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ኩሎም ተሓጋጊዝና ንምስራሕ ድሉዋት ኢና።

## ቐንዲ ዘድልዩ ነገራት

እቶም ሕብረተሰብ ኣብቲ ዝከያድ ስራሕቲ ተሳተፍቲ ንክኮኑ ንምግባር ዘክእል ፕላን ኣብዚ ወርሒ መወዳእታ ክወጽእ እዩ። እቲ ፕላን ተጸኒኡ ምስተወደአ ኣቲ ሪፖርት ናብ ቦርድ ከምዝቐርብ ክግበር እዩ።

ኣሰራርሓና ንኽነማሓይሽን ዕብየት ንኽነምጽእን ምእንታን ክንክእል ካብ ኩሎም ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ሪኢይቶታትን ክንረክብ ንደልይ ኢና።

**ወለዲ ብዝበለጸ ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር** – ናይ ወለዲን ቤት ትምህርትን ምሕዝነት ኣማኻሪት ኮሚቴ ክጥቀስ ይከኣል። ወለዲ ኣብ ኽፍልታት፣ ቤት ትምህርቲን ኣብ ዝኾን ናይቱ ኽልል ምምሕዳር ኣብ ዝኾነ እዋን መጺኦም ክሳተፉን ሓሳባቶም ክህቡን ንላቦ።

**ምስ ኮሚዩኒቲ መራሕቲ ድልዱል ርክብ ክህልው ምግባር** – ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ብዛዕባ ንገብሮም ስራሕትን ዘሎ ዕብየትን ከምኡውን ብዛዕባ ናይ ተምሃሮትና ዝኾነ ሓበሬታ ክፈልጡ ምግባር። ኣብቶም ንገብርኦም ስራህትን ከምኡውን ብዛዕባ ንውስኖም ዓበይቲ ውሳኔታት ኩሎም ክፈልጡ ምግባር።ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ክፈልጥዎ ዝግባእ ሓበሬታ እንተሃሊዩ እውን እቲ ሓበሬታ ክረኽቡ ምግባር ብካሊእ ወገን እውን ኣስተዋጽኦ ንኽገብሩ ብኸመይ መንገዲ ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ክፍልጡና ክንፈልጥን ንደልይ።

**ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት  ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር** – ናህና መምሃራን፣ ርእሰ መምሃራንን ካልኦት ሰራሕተናታትና፣ ምስ እቲ ኽልል ምምሕዳርን ምስ ወለዲ ኣብ ንገብሮም ርክባት ኩሉ ናህና መልእኽተኛታትና እዮም። እቲ ካብኣቶም ንረኽ ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ሪኢይቶታትን እውን ኣብቲ ንገብሮ ስራሕትን ከምኡውን ንውስኖም ጠቓሚ ውሳነታት ዓብይ ግደ ኣለዎ እዩ።

**ምስ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ጽቡቕ ርክብ ክህልው ምግባር** – ንተምሃሮትን፣መምሃራንን፣ ቤት ትምህርትታት ከምኡውን ንምምህዳር እቲ ቤት ትምህርት ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዝገብሩልና ብዙሃት መሓዙትን ፈተውትን ኣለዉና እዮም። ስለዝኾነ እውን ምስ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣባላት ናይ እቲ ሕብረተሰብ ዝማዕበለ ርክብ ክህልው ምግባር ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ።

**እቲ ህዝቢ እምነት ክሕድር ምግባር** - ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኽልል ምምሕዳር ዘለዎ ዕላማን ናይ ቅድሚት ራእይን ፕላንን ነቲ ህብረተሰብ በብእዋኑ ክፍልጥ ኣለዎ።ኣሰራርሓና ግልጺ ክኾውን ኣለዎ በዚ መንገዲ እውን ድልዱል ርክብ ክፍጠር ከምዝኽእል እምነትን እዩ።

**ናይ ኢንቴርኔት ዌብ ሳይት ምሕዳስ** – ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ምስቲ ሕብረተሰብ ብዝበለጸ ንምርኻብን ንምፍላጥን ከምኡውን ዘለዉ ኣገደስቲ ሓበሬታት ነቲ ሕብረተሰብ ክባጽሑ ንምግባር ከምኡውን ሓበሬታ ብቐሊሉ ንኽብተኑ ንምግባር ናይ ኢንቴርኔት ዌብ ሳይትና ዓብይ ግደ ኣለዎ እዩ።ብ ናይ ኢንቴርኔት ዌብሳይትና እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ክትረኽቡ ከምትደልዩ ክትገልጹልና ንደልይ ኢና።

## ንሕብረተሰብ ዝቐርቡ ሕቶታት

- ብዝበለጸ ክትፈልጥዎ ትደልይዎ ነገር እንተሃሊዩ?
- ግልጺ ዘይኮነልኩም ነገር እንተሃሊዩ?
- ዝጎደለ ነገር እንተሃሊዩ?
- ብዛዕባ ኣሰራርሓና ዘሎ ሓበሬታ ብኸመይ መንገዲ ክበጽሓኩም ትደልዩ?